**ግዝያዊ ከለላ ስግኣት ድሕንነት (TPS)**

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኢሚግሬሽን ዝኮኑ ዋና ፀሓፊ ማዬርካስ ጥቅምቲ 11, 2015 ዓ.ም ብዘመሓላለፍዎ ውሳነ መሰረት ኢትዮጵያ ካብቶም ግዜያዊ ከለላ ስግኣት ደሕንነት ዝተዋሃቡ ሃገራት ውሽጢ ክትህወስ አዚዞም አለው። እዚ ውሳነ ተግባራዊ ዝኸውን ፌደራል ሕግታት አብዝሕተመሉ ጋዜጣታት ድሕሪ ምውፅኡ እንትኮን ን18 አዋርሕ ድማ ተፈፃሚ ይኸውን።

ኢትዮጵያውያን በዙይ ውሳነ መሰረት ዝወሃብ ጥቅሚ ንምርካብ ክገብርዎ ዘለዎም ብዝርዝር ካብዚ ቀፂሉ ተገሊፁ አሎ።

**<u>ቀዳማይ፤</u>**

<u>ሕቶ ግዝያዊ ከለላ ስግኣት ድሕንነት ምቕራብ</u>

ካብ ሕድሕድ አመልካቲ ዘድልዮ ሰነዳት

- I-821 ቅጠኢ ግዝያዊ ከለላ ስግኣት ድሕንነት መመልከቲ
- I-765 ቅጥዒ ፍቓድ ስራሕ
- ናይቲ አመልካቲ ንፓስፖርት ዝኮኑ ክልተ ፎቶታት
- ናይ መለለይን ኢትዮጵያ ዜግነትን ዘረጋግጽፅ (ፓስፖርት፣ናይ ልደት ምስክር ወረቀት፤ ወይ ከዓ ፎቶ ዘለዎ መለለይ መንነት ፤ ወይ ከዓ ዓሻራ አፃብዕቲ ዘለዎ )
- ኣመልካቲ ናብ አሜሪካ ዝኣተውሉ መረጋገፂ (I-94)
- ቅድሚ 10 ጥቅምቲ 2022 ዓ.ም. ናብ ሃገረ ኣሜሪካ ምእታውን ዝገልፅ መረጋገፂ
- I-912 ብዘይ ክፍሊት (ናፃ)

ኣመልካቲ ወርሓዊ ወይ ከዓ ዓመታዊ እቶት ትሑት እንተኾይኑ ነዙይ ድማ ብሰነድ ምርዳእ እንተኺኢሉ እቲ ክፍሊት ከይኸፍል ይኽእል።

ክፍሊታት፤

- I-821 ቅጠዒ $50 ንንሕድሕድ ኣመልካቲ
- I-765 ቅጠዒ $410 ንንሕድሕድ ኣመልካቲ ካብ 14 - 65 ዕድመ ዘለዎ
- $85 ናይ ባዮሜትሪክ (ዓሻራ) ክፍሊት እቲ ኣመልካቲ ዕድሚኡ 14+ እንተኾይኑ

**<u>ካልኣይ፤</u>**

<u>ናይ መመልከቲ ቅብሊትን ናይ ባዮሜትሪክ (ዓሻራ) ቆፀሮ ምልክታ</u>

ዮ ኤስ ሲ ኣይ ኤስ ( USCIS ) እቲ ማመልከቻ ምስተቐበለ ገምጊሙ መረጋገፂ ቅብሊት ብፖስታ ይላኣኽ።
አብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙናት ቅብሊት እንተዘይተላኢኹ ናብ USCIS ብ 1 800-375-5283 ብምድዋል ምሕታት ይካአል።

**<u>ሳልሳይ፤</u>**

<u>ቆፀራ ማእኸል ሓጋዚ መመልከቲ USCIS /Application Support Center)</u>

ኣመልከቲ ንባዮሜትሪክ ቆፀሮኦም ናብ USCIS ማእኸል ሓጋዚ መመልከቲ እንትከዱ ዝሰዕቡ ሰነዳት ሒዞም ምኽያድ ኣለዎም፤

1. መለለይን መረዳእታ ናይ ዜግነትን (ንኣብነት ፓስፖርት)
2. መረጋገፂ  ቆጸሮ ዓሻራ (ባዮሜትሪክ)
3. ቅድሚ ሕዚ ነቲ ኣመልካቲ ዝተውሃበን ጊዚኡ ዝሓለፎን ናይ ስራሕ ፍቃድ (EAD) ካርዲ እንተሃሊዩ

**ብዛዕባ ግዝያዊ ከለላ ስግኣት ድሕንነት ክፍልጥዎ ዝግባእ ጠቃሚ መረዳእታታት፤**

- ግዝያዊ ከለላ ስግኣት ድሕንነት ተግባራዊ ኣብዝኾነለን ኣዋርሕ ውሽጢ ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ ብሕጋዊነት ናይ ምንባር ዕድል ይረኽቡ/ባ።
- ግዝያዊ ከለላ ስግኣት ድሕንነት ምርካብ ማለት ቀዋሚ ናይ መንበሪ ፍቃድ ምርካብ ማለት ኣይኮነን፤
- ግዝያዊ ከለላ ስግኣት ድሕንነት ካብቲ ዝተፈቐደሉ እዋን ክሳብ18 ኣዋርሕ ዝፀንሕ እዩ፤
- እቲ ግዝያዊ ከለላ ስግኣት ድሕንነት ክናዋሕ ወይ ድማ ዳግማይ ምምዳብ ክህልው ይኽእል እዩ። ግና ንእዙይ ኣቀዲምካ ምርግጋፅ ኣይከኣልን፤
- ግዝያዊ ከለላ ስግኣት ድሕንነት ዝተውሃበ ሰብ ፍቃድ ስራሕ ክረክብ መሰል ኣለዎ (ብመንገዲ ቅጥኢ I-765)
- ግዝያዊ ከለላ ስግኣት ድሕንነት ዝተውሃበ ሰብ ኣብዝቕፅሉ ኣዋርሕ ውሽጢ ዝላዓለ ገበን ከይፈፀመ ወይከዓ ንመንግስቲ ኣሜሪካ ድሕንነት ስጋኣት ምዃኑ እንተዘይተረጋገፀ ካብ ዓዲ ክወፅእ ኣይግደድን፤
- ግዝያዊ ከለላ ስግኣት ድሕንነት ዝተውሃበ ኢትዮጵያዊ  ጉዕዞ ሰነድ ናይ ምርካብን ካብ ኣሜሪካ ወፃኢ ናይ ምጉዓዝ መሰል ይህልዎ። (ናብ ኢትዮጵያ እንድህር ተመሊሱ ግና እቲ ዝተወሀቦ ከለላ ስግኣት ድሕንነት ይስረዝ እዩ)::

*ብዛዕባ  ኣመልከቲ ሕቶ ኣሳይለም ብሕቶ ግዝያዊ ከለላ ስግኣት ድሕንነት ከመይ ከምዝተኣናገዱ መረዳእታታት ከነቅርብ ኢና: ከታተሉና:: (ECDC)*